# ሰንበት ዘወረደ (ዘድራር ጾም)

## የካቲት 16 2017 ዓ.ም.(2/23/25)

**መዝሙር፡** ተቀነዩ ለእግዚአብሔር በፍርሓት...ንእግዚአብሔር ብፍርሃትን ብራዕድን ተገዝእዎ ከመይ ምሕረቱ ንውሉድ ወሎዶን ንዘለዓለምን እዩ። ንሕና ህዝቡ ኢና አብ ቅድሚኡ ብምስጋናን ብምስንዳውን ነመስግኖ። ጾም ንጹም ንብጾትና ነፍቅር ነነሓድሕድና ንፋቸር። ሰንበት አኽብሩ ሰናይ ግበሩ ከመይ ሰንበት ምእንቲ ሰብ እያ ተፈጢራ ምሕረትን ፍትሕን እዝምረልካ አሎኹ እዝምርን መገዲ ሓቂ አስተውዕልን አሎኹ። ምሕረቱ ንውሉድ ወለዶን ንዘለዓለምን እዩ። ንውሉድ ወለዶ ጽድቁ። ንሕና ህዝቡን አባግዕ መጓሰኡን ኢና።

> **ንባባት፡** 2ቆሮ 5:20-6:2፥ 1ዮሓ 5:11-5፥ ግ.ሓ. 2:38-42 (ኢዮ 2፡12-18)፥ ማቴ 6:1-19።
>
> **ምስባክ፡** ተቀነዩ ለእግዚአብሔር በፍርሐት፥ወተሓሰዩ ሎቱ በርዓድ፥አጽንዕዋ ለጥበብ ከመ ኢይትመዐዕ እግዚአብሔር።ንእግዚአብሔር ብፍርሃት አገልግልዎ፥ብርዓድ ከአ ስገዱሉ፥ እግዚአብሔር ከይኩሪ ንጥበብ አጽኒዕኩም ሓዝዋ መዝ. 2፡11።

ዘመነ ጾም ናይ ክፍሊ ሓጋይ ካልአይ ዘመን እዩ። እዚ እዋን ነቲ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ አብ ምድረ በዳ ብጽሞን ጸሎትን ዘሕለፎ 40 መዓልታት የዘኻኽረና። ስለዚ ኢና ብጾምን ብጸሎትን ናብ ትንሣኤ ክንሰናዶ ዘሎና። ጾም ታሕሣሥ ናብ ልደት ንምስንዳው ከም ዝኾነ ጾመ 40 ከአ ናብ ብዓለ ትንሣኤ የሰንድወና። አብዚ ን8ተ ሰናብቲ ቤተ ክርስትያን ንጾም ዚኸውን መዛሙር አሰናድያ ክንዝምሮን ክነስተንትኖን ተቐርበልና። እዚ ከአ 1. ዘቅበላ፥ 2. ዘቅድስት፥ 3. ዘምኵራብ፥ 4. ዘመጻጉዕ፥ 5. ዘደብረዘይት፥ 6. ዘገብርኄር፥ 7. ዘኒቆዲሞስ፥ 8. ዘሆሣእና እናበልና ንሰምዮም።

**ናይ ሎሚ ሰንበት ዘወረደ ወይ ዘድራር ጾም ተባሂሉ ይፍለጥ።** ንአምላኽ ብዓቢ አኽብሮት ክንቀርቦ እሞ ነቲ ንሱ ዝገበረልና ምሕረት አስተማቒርና ክንክእል እሞ ሓዲስ ሕይወት ክንለብስ የዘኻኽረና። ጾም ንጹም ንብጻይና ከም ነፍስና ነፍቅር እዚ ኸአ ብዝያዳ አብቲ ብመዓልቲ ሰንበት እንገብሮ ተግባር ክንገልጾ የዘኻኽረና። ጾም መለልይኡ ንስሓ ዕርቂ ምስ አምላኽን ሰብን ኮይኑ ብጸሎትን ርእስኻ ብምቕጻዕን ንጸገማት ካልኦት አብ መንፈሳውን ቍጠባውን አብ ምሕጋዝ አበርክቶና ክንዕዝዝ ኢልና እናተጋደልና እነሕልፎ ቅዱስ እዋን እዩ።

አብ ጌዜ ጾም እነዘውትሮም ንባባት ዓሚቕ ርድኢትን ምቅርራብን ንብዓለ ትንሣኤ ክንገብር ይሕግዙና። ካብቶም ዝንበቡ ሓደ ወይ ክልተ ወሲድና ዕለት ዕለት ከነንብብን ክነስተንትንን እንተ ኸአልና ንግላዊ ምቅርራብናን ብዝያዳ ነቲ አብ ሶሙነ ሕማማት ምስ ክርስቶስ ክንከውን ዘዘኻኽር ክሕግዘና ይኽእል።

ጾም አብ እንአትወሉ ዘሎና ካብ ነብይ ኢዮኤል ከም መበገሲ ገርና ወሲድና ክንጅምሮ። ኢዮኤል ነብይ አብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ብብዝሒ ተዘኪሩ እንረኽቦ እዩ። አብ ትሕዝቶ ጽሑፉ እንተ ረአና አብ ይሁዳ አብ ጊዜ ፋርሳውያን (539-331) ዝነበረ እዩ። መብዝሕትኡ ታሪኻዊ ጥቕስታቱ ከም ዝሕብሮ አሲርያ ወይ ባቢሎን ዝብል አይ ንረክብን እዚ ከአ (400-350) ጊዜ እዩ ዘመልክት። ኢዮኤል ከም ናይ ስርዓት አምልኾ ነብይ እዩ ዝፍለጥ እዚ ማለት ከአ ተልእኮኡ አብ ሕይወት ቤተ መቕደስ ብዝርኢ ስለ ዝኾነ።

ኢዮኤል 2 ዘሎ እንተ ረአና ናይ አንበጣ ምምጻእ መዓልቲ እግዚአብሔር ከም ዘመልክት እሞ አምላኽ ንሃገር በቲ እትገብሮ ከም ዝፈረዳ እዚ እዋን ናይ ንስሓ ናይ ምምላስ ጊዜ ከም ዝኾነ

ይገልጽ። ብጾም፥ብብኽያትን፥ብቊዝማን ብምሉእ ልብኹም ኣባይ ተመለሱ. . . ይብል። ኣብ ስርዓት ኣይሁድ ኣብ ዓመት ሓደ መዓልት ምሉእ ብጾምን ንስሓን የሕልፍዎ፥ እዚ ዕለት ዮም ኪፑር መዓልቲ ሕድገት ኃጢአት ኣብ ወርሒ 7 ኣብ 10 መዓልቲ ዘብዕልዎ እዩ። ኣብ ሌዋውያን 16፡29፥ 23፡27 ክንርእዮ ንኽእል። ብተወሳኺ ኣብ ጊዜ ከቢድ ጥፍኣት ብዝኾነ ምኽንያት ክወርድ እንከሎ እውን የዘውትርዎ እዮም። ምስጢሩ ኸኣ ኃጥእ ህዝቢ ምልክት ንስሓን ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ኣምላኽ ኮንካ እትልምኖ እዩ።

ኢዮኤል 2፡12-13 ንጹርን ዝጸበቐ ጻውዒት ንስሓ እዩ። እግዚኣብሔር ባዕሉ እዩ ተንስሑ እናበለ ዝጽውዕ ዘሎ። ብጾምን ብብኽያትን ብቊዝማን ብምልኡ ልብኹም ናባይ ተመለሱ፥ ክዳንኩም ዘይኮነስ ልብኹም ደኣ ቕደዱ. . . ስለምንታይ? ምኽንያቱ ኣምላኽ ንሕሩ ደንጓዪ ብምሕረት ከኣ ምሉእ ካብ ክቐጽዕ ክርኅርኅን ኪምሕርን እዩ ዚፈቱ እሞ ናብ እግዚኣብሔር ኣምላኽኩም ተመለሱ ይብል።

ኢዮኤል ነብይ ዕላዊ ጻዊዕት ንንስሓ እዩ ዘቕርብ ዘሎ። ንስሓ ኣብዚ ብዝሓለፈ ክፉኡ ግብርኻ ምሕዛንን ዘይኮነስ ጨሪሽካ ናይ ሕይወት ለውጢ ክትገብር ዝጽውዕ እዩ። እቲ ብዝያዳ ዝጽቀጠሉ ዘሎ ኣብ ውሽጣዊ ለውጢ እምበር ኣብ ግዳማዊ ምሕላው ወይ ምኽባር ኣይ ኮነን። ክዳንኩም ዘይ ኮነንስ ልብኹም ድኣ ቕደዱ ይብል። ንሕና እውን ጾም ክንጅምር ከሎና ውሽጣዊ ሕይወትና ክልወጥ ኣልኦ እምበር ብግዳማውን ግዝያውን ነገር ብእንገብሮ ክኸውን የብሉን። ሓቀኛ ጾም ብውሽጥና ንሕናን ኣምላኽናን ጥራሕ እንፈልጦ ክኸውን እንከሎ እዩ ዝያዳ ፍረ ዝህልዎ። ለውጢ ኲኖ ጾም ኣርብዓ ሓሊፉ ቀጻሊ ኣብ ሕይወትና ክንገብሮ ይግባእ። ብርግጽ ናይ ፍርሒ ጊዜ ኣይኮነን፥ ኣምላኽና ፈቃር ኣምላኽ እዩ። ንሱ ንሕሩ ደንጓዪ፥ ንምሕረት ከኣ ምሉእ፥ ካብ ኪቐጽዕ ኪርኅርኅን ኪምሕርን እዩ ዚፈቱ።

እዚ ብተደጋጋሚ ዳርጋ ኣብ ኩሉ ብሉይ ኪዳን እንርእዮ እዩ። ንኣምላኽ ብዝልዓለ እምነት ክንቀርቦ ንኽእል፥ ግን ንስሓ ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ብዛዕባ ዝሓለፈ በደልካ ምጥዓስን ንዝውሃብ ምሕረት ብዓይኒ ተስፋ ምጥማትን እዩ። እዚ ብዛዕባ ኣብ ሕይወትና ሓዲስን ምልኡን ለውጢ ምምጻእን፥ ንሕይወትና ብሓዲስ ኣረኣእያ ምርኣይ፥ ብሓዲስ መገዲ ንቅድሚት ገጽና ምጕዕዝ እዩ። ብቋንቋ ወንጌል መታኖያ ይብሃል እዚ ኸኣ ኣብ ሕይወትና እነረእዮ ፍጹም ለውጥን ሓዲስ ራእዩ ገርና ሕይወትና ምምራሕ እዩ። ጉዕዞ ሕይወትና በቲ ኣምላኽ ክንከዶ ዝግብኣና ክንጉዓዝ ብፍላይ ኣብ ዝተፈተናሉ ጊዜ ጸኒዕና ደም እናጠዓመና ኣምላኽ ዝደልዮ መገዲ ክንሕዝ ይግብኣና።

ከመይ እንተ ገበርና ኢና ሕያውነት ኣምላኽ ብዝያዳ ክንጥቀመሉ እንኽእል? ኣብ እምባ ጽዮን መለኸት ንፍሑ፥ ጾም ኣውጁ፥ ኣኼባ ጸውዑ፥ ህዝቢ ኣክቡ፥ ቅዱስ ጉባኤ ከምዘሎ ንገሩ፥ ኣረገውቲ፥ ቆልዑ ጡብ ዝጠብዉን ኣክቡ፥ መርዓዊ ካብ ቤቱ ይውጻእ መርዓት ከኣ ኻብ ሕልፍኝኣ ትውፃእ. . . . ካህናት ኣገልገልቲ እግዚኣብሔር ይለምኑ፥ ኵሎም ብሓባር ዓው ኢሎም ንምሕረትን ንሕድገትን ይለምኑ። ኵሎም ብሓባር ንስሓ የርእዩ ህዝቢ ካብ ቤቱ፥ መርዓውቲ ካብ ሕጽኖቶም፥ ካህናት መስዋዕቲ ዘዕርጉ ከይተረፉ ይለምኑ። ነፍስወከፍ ካብ መገዲ ኃጢአት ወጺኡ ክርከብ እዋኑ እዩ። ካብ ካህናት ክሳብ ሕፃናት ብዓቢ ጸጸት ክንስሑ ይድለ ኣሎ።

ንኣምላኽ ህዝቡ ከም ዝኾኑ የዘኻኽርዎ ነዚ ዝመሳሰል ኣብ ምህልላ ፍልሰታ ኣይቴ ውእቱ ኣምላኮሙ ከመ ኢይቤሉና ምህልላነ ስማዕ ኣምላክነ እናበልና ንጽሊ። ኣሕዛብ ንኣምንቲ ኣምላኽ ዘሕፍር እንተ ረኺቡ ኣበይድኣ ኣሎ ኣምላኾም ከይብሉ ስምዓና እናበሉ ይጽልዩ። ገለ ሰባት ሓደ ዓቢ ጉድኣት/ምዓት እንተ ወረደ ኣምላኽ ድኣ ኣበይ ኣሎ ይብሉ። ብናዚ ጀርመን ህዝቡ ክሃልቁ ከለዉ ኣምላኽ ኣበይ ነሩ፥ ኣብ ኣመሪካ እተን ክልተ ማናቱ ህንጻታት ክዓንዋ ከለዋ፥ ኣብ ደቡብ ኣስያ ብሱናሚ ኣሽሓት ክጠፍኡ ከለዉ፥ ብምንድቕዳቕ ምድሪ ኣሽሓት ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ክጠፍኡ ከለዉ፥ ሕያዋያ ሰብና ብሓደጋ ማኪና ክመውት እንከሎ፥ መንእሰያትና ብዝተፈላለየ

ግፍዒ ክሞቱ ከለዉ፥ ህዝብና ክሳቐ እንከሎ. . . . አምላኽ አበይ ነሩ፥ ዝብል ሕቶ ንሓትት። እንተ ኾነ እቲ ሕቶ አምላኽ አበይ ነሩ ዘይኮነ ንሕና አበይ ነርና እዩ።

አምላኽ ንኹልና አብ ግራቱ ክንዓዪ ምስኡ ክነብር እዩ ዝደልየና እዚ ክዉን ክኸውን ናይ ነፍስወከፍና ተሳትፎ የድሊ። ተአምራት ካብ ሰማይ ክመጽእ አይንጸበ ንኹሉ ከምቲ ንሱ ዝደልዮ ክንገብር ስልጣን ሂቡና እዩ፥ ክንርድኦ ዘይከኣልና አብ ኢዱ ክንሓድጎ እምበር ከም አምላኽ ዘየሎ ወይ ከም ጨካን ጌርና ክንወስዶ ከሎና አብ ኃጢአት ኢና እንወድቕ። ሰብ ክፉእን ጽቡቕን ከለሊ አምላኽ ሕልና ሂብዎ ክመርጽ ናቱ ግደ እዩ፥ ሎሚ ንአምላኽ ክንመርጽ ብመገዲ ክንከይድ እዩ ዝድለ ዘሎ።

አብ ኢዮኤል ነብይ አምላክ ንልመናን ንስሓን ህዝቡ ሰሚዑ መልሲ ከም ዝህብ ንርኢ። እቲ ምዓት ደው ኢሉ አምላኽ እቲ ቐናእ ንህዝቡ ይርሕርሓሎም። አብዚ ቅዱስ እዋን ጾም አብ እንጅምረሉ ዘሎና ነዚ እንነብሮ ዓለም ከምቲ አምላኽ ዝርእዮ ገርና ክንርኢ ንለምኖ። አብዚ እዋን እነንብቦም ካብ ቅዱሳት መጽሓፍቲ ብዙሕ ክሕግዙና ይኽእሉ እዮም ስለዚ ዕለት ዕለት ክነንብብ ይግባእ።

ቀዳመይቲ ንባብና ካብ መልእኽቲ ጳውሎስ ካልአይቲ ንሰብ ቆሮንጦስ እያ ምስ እዚ እንጅምሮ ዘሎና ጾም ትሰማማዕ። ፩ይ ዘዘኻኽረና አምባሳደራት ክርስቶስ ምኳና እዩ። አምላኽ ብአና ብቃልናን ብግብርናን እዩ አብ ዓለም ዝፍለጥን ዝርአን። እዚ ዓቢ ሓላፍነት ብዓብይ ምስትውዓል ክነስተንትነሉ ዘሎና ብፍላይ አብዚ ጊዜ ጾም።ቅ. ጳውሎስ ዘዘኻኽረና ንሕና ብክርስቶስ ተኻፈልቲ ጽድቂ አምላኽ ምእንቲ ክንከውን አምላኽ ነቲ ኃጢአት ዘይፈለጠ አብ ክንዳና ኃጢአተኛ ገበሮ (2ቆሮ 5፡21) ይብለና። በዚ ምኽንያት እምብአር እቲ ኃጢአት ዘይብሉ ብድላዩ ንሳዕቤናት ኃጢአት ጾሩ ብፍላይ አብ ሕማማቱ ሞቱን አብ መስቀል። ዓላማ ናይ እዚ ኹሉ ንሕና ተኻፈልቲ ጽድቂ አምላኽ መታን ክንከውን እዩ።

ብኻልእ አዘራርባ ንሕና እውን በቲ ክርስቶስ ዝተጓዕዞ ክንጉዓዝ ጽዉዓት ኢና ማለት ክንሳቐ ክንመው ክንሰናዶ አሎና ከምቲ ንሱ ዝገበሮ። ከምዚ እንተ ገበርና ልዕሊ ዝኾነ ነገር አምባሳደራት ክርስቶስ ምኳና ክነርኢ ኢና። ጳውሎስ ከምቲ ንሰብ ቆሮንጦስ ዝለመኖ ንአና እውን ሎሚ እዚ ዓቢ ግብሪ አምላኽ ብክርስቶስ አቢሉ ዘርአየና ፍቕሪ ኮንቱ ከይከውን ይልምነና አሎ።

ጾም አርብዓ ብዕምቀት ሕይወት ኢየሱስ ሕማሙን ሞቱን ምእንቲ ነፍሲ ወከፍና ኢሉ ዝገብሮ ክነስተንትን ዝተዋህበና ፍሉይ ጊዜ እዩ። ነቲ አብ ሕይወት ነፍሲወከፍና ዘምጽኦ ለውጥን ምልኪ ርእስናን ርኢና ክንክእል ዝሕግዘና ፍሉይ ጊዜ ቅድስና እዩ። እታ ምችእቲ ሰዓት ሕጂ እያ፥ እንሆ እታ መዓልቲ ምድኃን ሕጂ እያ (2ቆሮ 6፡2)። ንሓደ ክርስትያን መዓልቲ ምልዋጥን ካብ ጌጋኻ ምምላስን ኩሉ ጊዜ ሕጂ እዩ፥ ነዚ ክተተድግብር ከአ ካብ ጊዜ ጾም ዝበልጽ ካልእ ጊዜ የለን።

ቅዱስ ጉዕዞ ጾም ንጅምር አሎና አብ ጸጋን ምሕረትን መሰረት ገርና ንጀምሮ። አብ ሕይወትናን ርክባትናን ለውጢ ክነምጽእ፥ ፍቕሪ አብ ዝጎደሎ ፍቕሪ ክነምጽእ፥ ምሕረት አብ ዘድልዮ ክንምሕር፥ ኵልና ብሓደ አምላኽ ዝደልዮ እናተጎዓዝና አብ ትንሣኤ ምስኡ ብሓዲስ መንፈስን ሕይወትን ክንትንሥእ ሎሚ ንአምላኽ ሓግዘኒ ንበሎ።

ቅዱስ ጾም ምሕረትን ዕርቅን ሰላምን ምስ አምላኽናን ሓውናን ሓፍትናን ዘውርድ ይግበረልና።

አባ ንጉሠ ፍሥሓ